BreastScreen WA
WA's only accredited screening service

# ሓቃዊ ወረቐት — ሓፈሻዊ መረዳእታ

## (ብካልእ ቋንቋታት ምርካብ ይካኣል እዩ)

### ናይ ጡብ ምንሽሮ እንታይ እዩ?

ናይ ጡብ መንሽሮ ብዘይምቁራጽ ዕቤት ዘለዎን ዘይተለምደ ናይ ዋህዮት ምብዛሕ እዩ። ድሕሪ ግዜ እዞም ዋህዮት ብጡብ ውሽጢ ናብ ሕበጥ ይልወጡ እዮም። እሞ እዙይ መንሽሮ ተቀሪጹ እንተዘይወጺኡ ወይካዓ ቀይዲ እንተዘይተጌሩሉ ናብ ሙሉእ ስብንት ብምስርጫው ናብ ሞት ክመርሕ ይኽእል እዩ።

### ናይ ጡብ ምንሽሮ ክሕዘኒ'ዩ ኢለ ክፈርሕ ኣለኒ'ዶ?

ኣብ ኣውስትራሊያ ካብ ሸሞንተ ደቂኣንስትዮ ውሽጢ ሓንቲ ብሕይወት ዘመና ብጡብ መንሽሮ ክትትሓዝ ትኽእል እያ።
<u>ብጡብ መንሽሮ ንምትሓዝ ቀንዲ ምክንያት ጓል ኣንስታይ ምኻንን ዕድመ ካብ 50 ዓመት ንላዕሊ ምኻን እዩ።</u>

### ናይ ሕማም መርኣዩ ማሞግራም ማለት እንታይ እዩ?

ናይ ሕማም መርኣዩ ማሞግራም መርመራ ለውጢ ብዘይብሉ ናይ ደቂኣንስትዮ ጡብ ዝግበር ውሑድ ናይ ጨረር ራጅ መርመራ እዩ። ናይ ሕማም መርኣዩ ማሞግራም መርመራ 90% ንዝኸውን መንሽሮ ብምድህሳስ ንዘይፍለጥ ንውሽተ ንዝኾነ'እውን ምፍላይ ከምዝኽኣል እዩ። ቅድም ኢልካ እንተፈሊጥካዮ ንምክልኻል ብጣዕሚ ፅቡቕ እዩ። እሞ ነቲ መንሽሮ በብደረጅኡ ብምፍላይ ብሕክምና ንምድሓን ዝነብር ዕድል ልዕል ክምዝብል እዩ።

### ብናይ መርኣዩ መርመራ በብኽንደይ ግዜ ክገብር ኣለኒ?

ዕድሚኣን 50 ዓመትን ካብቲ ንላዕሊ ዝኾነን ደቂኣንስትዮ፣ በብክልተ ዓመት ናይ ሕማም መርኣዩ ማሞግራም ክገብራ ይምርጽ እዩ። ይኹን'እምበር ባሓድሓደ ምክንያታት ናይ ሕማም መርኣዩ ማሞግራም በብዓመት ምግባር ክምረጽ ይኽእል።

### ናይ ሕማም መርኣዩ ማሞግራም መርመራ ብናጻ'ድዩ?

ኣብ BreastScreen WA/ ምዕራብ ኣውስትራሊያ ናይ ጡብ ሕማም መርኣዩ መርምራ ብናይ መንግሥቲ ናይ ገንዘብ ሓግዝ ስለዝካየድ ብናጻ ናይ ማሞግራም መርኣዩ መርመራ በብክልተ ዓመት ዕድሚኤን ካብ 50 ክሳብ 69 ዓመት ንዝኾና ደቂኣንስትዮ ይግበረለን እዩ። ዕድሚኤን ኣሞንጎ 40ን 49 ንዝኾነንን ካብ 70 ዓመት ንላዕሊ ንዝኾነን ደቂኣንስትዮ ክሓታ እንከሎ ብናጻ ናይ ማሞግራም መርኣዩ መርመራ ብናይ BreastScreen WA/ ምዕራብ ኣውስትራሊያ ናይ ጡብ ሕማም መርኣዩ ኣቢሉ ምርካብ ይኽእላ እየን። ዕድሚኤን ትሕቲ 40 ዓመት ንዝኾነን ደቂኣንስትዮ ብናይ BreastScreen WA /ምዕራብ ኣውስትራሊያ ናይ ጡብ ሕማም መርኣዩ ኣቢሉ ነቲ መርመራ ክውሃበን ኣይኽእልን እዩ።

### ነቲ ሕማም መርኣዩ ማሞግራም መርመራ ኣበይ ክረኽብ እኽእል?

ኣብ ምዕራብ ኣውስትራሊያ ከተማ ውሽጢ ሸውዓተ ናይ ጡብ ሕማም መርኣዩ ኣገልግሎታት ይርከቡ እዮም። እዞም'ውን፣ ካኒግተን፣ ፍሪማንትል፣ ጁንዳለፕ፣ ሚድላንድ፣ ሚራቡካ፣ ኣብ ፐርዝ ከተማን ሮኪንግሃም እዮም። ብተወሳኺ'ድማ በብክፍለ ሃገራት በብክልተ ዓመት እንዳተዘዋወሩ ኣገልግሎት ዝህቡ ኣርባዕተ ክሊኒካት ኣለዉ።

### BreastScreen WA/ንምዕራብ ኣውስትራሊያ ናይ ጡብ ሕማም መርኣዩ ንምጉብናይ ክኸይድ እንከሎ እንታይ ይፍጠር?

ናብ BreastScreen WA/ምዕራብ ኣውስትራሊያ ናይ ጡብ ሕማም መርኣዩ ኣገልግሎት ክትመጻ እንከሎ፣ ሓደ ዓይነት ኽዳን ካብምግባር፣ ሸሚዝን ቀሚሽን ወይካዓ ሸሚዝን ሱሪን እንተተኸደንክን ይምረጽ እዩ። ብተወሳኺ'ድማ ዝኾነ ዓይነት ስታሪ ሽታ ዘይምግባር እዩ። ኣብ BreastScreen WA/ምዕራብ ኣውስትራሊያ ናይ ጡብ ሕማም መርኣዩ ድርጅት ክትበጽሓ እንከሎ ኣብዚ ዝስዕብ ኣካይዳ ይፍጸም እዩ፡

1. እንኳዕ ደሓን መጻ ክምዝብሃላን ብሕታዊ ዝኾነ መረዳእታን ዝርዝር ኩነታትን ፍቓድክን ዝሓትት ፎርሚ ክትመልኣ ይግበር
2. ድሕሪ ፒጃማ ምኽዳን ብናይ ደቂኣንስቶ ናይ ራዲዮግራፊ ሰራሕተኛ ናብ ራጅ ክፍሊ ክትወሰደክን እሞ ቁሩብ ሕቶታት ተዳልወልክን። ብድሕሪኡ'ድማ ነንሓድ ሓዲኡ ጡብክን ክልተ ግዜ ራጅ ተልእሎ እያ።
3. ናይ ራዲዮግራፊ ሞያተኛ ነቲ ዝገበርኩሞ ራጅ ክሳብ ናይ ቴክኒክ ውጽዒት ትምርምሮ ግዜ ክትጽበያ ትሕተታ ኢኽን።
4. ናይ ራዲዮግራፊ ሞያተኛ እቱይ መርመራ ብዛዕባ ምውድኡ ኾነ መዓዝ ምኻድ ከምዝካኣል ትነግረክን እያ።
5. እቱይ ናይ ራጅ መርመራ ብውሑድ ክልተ ሰብ ሞያተኛ ዝኾኑ ሓኪማት ርዕዮም ነቲ ውፅዒት ብ14 ናይ ስራሕ መዓልታት ውሽጢ ይልኣኸልክን እዩ።
6. ንደቂኣንስትዮ ንካልኣይ ግዜ ራጅ መርመራ ምጽዋእ ሓዱሽ ነገር ኣይኾነን። እሞ ኣድላይ ክኸውን እንተሎ ካብ BreastScreen WA/ምዕራብ ኣውስትራሊያ ናይ ጡብ ሕማም መርኣዩ ገምጋም ነርሲ ብስልኪ ደዊላ ተዘራርበኽን እያ።

## ናይ ማሞግራም መርኣዩ ብከመይ ጌሩ ይግበር?

ኣብ እዋን ራጅ እቲ ጡብ ብትኽክል ኣብ ራጅ ዝልኣሎ መሳሪሒ ይቕመጥ እሞ ብድሕሪኡ ንቁሩብ ሰኮንዲታት ዝኸውን ብጣዕሚ ተጻኢንካ ምጽናሕ የድልይ እዩ። ነንሓድሓዲኡ ጡብ ክልተ ግዘ ማለት ካብ ላዕሊ ሓደ ግዘን ካብ ታሕቲ ድማ ሓደ ግዘ ይልኣል እዩ። ነቲ ጡብ ብጣዕሚ ምጽቃጥ ስለዘድልዮ ኣይምቹውን ይኹን'እምበር ክሓምም የብሉን። እሞ ብዝተኻኣል መጠን ጽሬት ዘለዎ ፎቶግራፍ ንምውሳድ ውሑድ ናይ ራጅ ጨረራ ንምጥቃም፤ እቲ ናይ ምጽቃጥ ኩነታ ኣገዳሲ ከምዝኾነ እዩ። (በዙይ ታሕቲ ዘሎ ፎቶግራፋት ምርኣይ)






*ነቲ ጡብ ከይተጸ ኣንካ ዝውሰድ ራጂ ዝሃሰሰ ይኸውን።* | *ነቲ ጡብ ጸኢንካ ዝውሰድ ራጂ ጽሬት ዘለዎ ይኸውን።*

## ብማሞግራም መርኣዩ መርመራ ምግባር ንምንታይ የድልይ?

**ቅድም ኢልካ ነቲ ሕማም ምፍላጥ ጽቡቕ ናይ መከላኸሊ ሜላ ስለዝኾነ እዩ።**

በቲ ናይ ሕማም መርኣዩ ማሞግራም መርመራ ምግባር ሕይወትክን የትርፍ ስለዝኾነ እዩ።

## ብስልኪ ቁፅሪ 13 20 50 ብምድዋል ቆፀሮ ምሃዝ ይኻኣል።

ብናጻ ናይ ምስትርጓም ኣገልግሎት እንተደሊኹም በጃኹም ብቕድሚያ ንመስተርጓማይ ኣገልግሎት (TIS) ብስልኪ ቁፅሪ 13 14 50 ምድዋልን፤ ምስናይ BreastScreen WA/ምዕራብ ኣውስትራሊያ ጡብ ሕማም መርኣዩ ማእከል ናይ ቆፀሮ መዳለዊ ኣገልግሎት ብስልኪ ቁፅሪ 13 20 50 ደዊሎም ከራኽቡኩም ምሕታት እዩ።

## ብጉጅለ ቆፀሮ ንምድላው

ተጎጅለን ክቐርባ ንዝደልያ ደቂኣንስትዮ ብጉጅለ ቆፀሮ ከዳልው ዝኽእል ኣገልግሎት ኣሎ። ንኣብነት፡ ሓደ ዓይነት ቋንቋ ተዛረብቲ ደቂኣንስትዮ፤ ናይ ሓደ ክለብ ወይካዓ ማሕበር ወይካዓ ዓርኽቲ፤ ብጉጅለ ኾይነን ቆፀሮ ንምሃዝ ምቹው ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ብጉጅለ ቆፀሮ ንምድላው ተወሳኺ ሕቶ እንተሃልዩክን በጃኽን ብስልኪ ቁፅሪ 13 20 50 ደዊልክን ኣዘራርባ።

## ብናጻ መረዳእታ መውሃቢታት

ብዛዕባ ጡብ ሕማም መርኣዩ መርመራ፤ ብዛዕባ ናይ ጡብ፤ ኣሞንጎ ስድራቤተን ናይ ጡብ መንሸሮ ዘለዎን ደቂኣንስትዮ፤ ጡበን ብመጥባሕታዊ ዘስተኻከላ ደቂኣንስትዮ፤ ብዛዕባ ጡብ ሕማም፤ ንኣካለስንኩላን ደቂኣንስትዮን ካልኦትን ብርኽት ዝበለ ናይ ናጻ ጡብ ሕማም መርመራ መረዳእታ ይውሃብ እዩ።

## ብካልእ ቋንቋታት ዝቐረበ ናይ መረዳእታ መውሃቢ

'For Me and My Family' [ንዓይን ስድራይን] ዝብል ቪዲዮ ብኣረብኛ፤ ብካንቶኒስ፤ ብክሮኤሽያን፤ ብእንግሊዝኛ፤ ብግሪክ፤ ብጣልያን፤ ብካመር፤ ብመሴዶንያን፤ ብራሽያን፤ ብፖሊሽ፤ ብሰርቢያን፤ ብስፓኒሽ፤ ብታጋሎግ፤ ብቱርክ ከምኡ'ውን ብቬየትናሚዝ ቋንቋታት ተጻሒፉ ይርከብ።

ኤዙይ 'General Information - Fact Sheet' [ሓፈሻዊ መረዳእታ ]- ናይ ሓቃዊ ወረቐት፤ ብእንግሊዝኛ፤ ብኣማሓርኛ፤ ብኣረብኛ፤ ብቦዝንያን፡ ብበርሚስ፤ ብቻይኒስ፤ ብክሮኤሽያን፤ ብዳሪ፤ ብፋርሲ፤ ብግሪክ፤ ኢንዶኔሽያን፤ ብጣልያን፤ ብመሴዶንያን፤ ብማሌ፤ ብሞልቲስ፤ ብኔዘርላንድ፤ ብካመር፤ ብፖሊሽ፤ ብፖርቱጊስ፤ ብሰርቢያን፤ ብሶማል፤ ብስፓኒሽ፤ ብሱዋሂሊ፤ ብታጋሎግ፤ ብታይ፤ ብትግርኛ ብቬየትናሚዝ ቋንቋታት ተጻሒፉ ይርከብ።

'After your screening mammogram - What next?' [ድሕሪ 'ማሞግራም መርኣዩ ምርመራ - እንታይ ይቅጽል?] ዝብል ናይ ሓቃዊ ወረቐት ብእንግሊዝኛ፤ ብኣረብኛ፤ ብቦዝንያን፤ ብቻይኒስ፤ ብክሮኤሽያን፤ ብዳሪ፤ ብግሪክ፤ ኢንዶኔሽያን፤ ብጣልያን፤ ብመሴዶንያን፤ ብማሌ፤ ብፖሊሽ፤ ብፖርቱጊስ፤ ብሰርቢያን፤ ብስፓኒሽ ከምኡ'ውን ብቬየትናሚዝ ቋንቋታት ተጻሒፉ ይርከብ።

'Screening Mammography for Women with a Family History of Breast Cancer' [ናይ ጡብ መንሸሮ ጸገም ንዘለዎን ደቂኣንስትዮ]፤ ብዛዕባ ማሞግራፊ መርኣዩ መርመራ ብእንግሊዝኛ፤ ብቦዝንያን፤ ብቻይኒስ፤ ብዳሪ፤ ብማሌ፤ ብሰርቢያን ከምኡ'ውን ብቬየትናሚዝ ቋንቋታት ተጻሒፉ ይርከብ።'

**ነቶም መረዳእታ ክልኣኸልክን እንተደሊኽን በጃኽን ብስልኪ ቁፅሪ 9323 6762 ምድዋል ወይካዓ ብኢሜል**
breastscreenwa@health.wa.gov.au